ትካልና መስፍን ብረታ ብረት እና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ብግልፂ ጨረታ (Open Bid) ንLaptop Computer ከምእ'ውን Desktop Computer ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሚያዝያ 21, 2018 (ቅድሚ ሓደ ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 6, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:85000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 6, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ግልፂ ጨረታ (Open Bid)

ትካልና መስፍን ብረታ ብረት እና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ብግልፂ ጨረታ (Open Bid) ንLaptop Computer ከምእ'ውን Desktop Computer ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ኣብ ታሕቲ ብዝተዘርዘሩ መዐቐኒታት መሰረት ኣብዚ ጨረታ ንክትሳተፉ ትካልና ይዕድም ፡

ሰደቓ:- 01. ናይ ዝግዛእ ንብረት ዝርዝር

| S.No | Description | UOM | Qty | Unit Price | Total Price | Remark:- ዝድለ ዓይነት ኮምፒተርን ላፕቶፕ) |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Laptop Computer | Pieces | 11.00 | | | Specification, as per the attached specification one(1) page |
| 2 | Desktop Computer | Pieces | 6.00 | | | Specification, as per the attached specification two(2) pages |
| | | Total in Birr | | | | |
| | | VAT 15% | | | | |
| | | Total in Birr with Vat | | | | |

ናይ ጨረታ ረቛሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳተፍቲ ናይ 2018 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቕርቡ ዝኽእሉ ፣

2. ተጫረቲ ብር 300.00(ሰለስተ ሚእቲ ብር) ብምክፋል ካብ ዕለት 21/08/2018 ዓ.ም ክሳብ ዕለት 05/09/2018 ዓ.ም ሰዓት 11:00 ድሕሪ ቐትሪ ዘሎ ጊዜ ሰነድ ጨረታ ምዕዳግ ይኽእሉ ፣

3. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቓድ፣ንግዲ ምዝገባ ምስክር ወረቐት፣ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ወረቀትን ተጨማሪ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ምኺኖም ዝገልፅን ናይ ወርሒ መጋቢት/የካቲት 2018 ዓ.ም ቫት ዝተኸፈለሉን ካልኦት ኣድለይቲ ሰነዳትን ብምምላእ ፣ ኦርጅናል ቴክኒካል ዶክመንትን ምስ ሓደ ኮፒ ፣ ፋይናሻል ዶክመንት ምስ ሓደ ኮፒ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ብምዕሻግ ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ኮርፖሬት ዕደጋ ክፍሊ ናይ ጨረታ ዶክመንት (ሰነድ) ካብ ዕለት 21/08/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 06/09/2018 ዓ.ም ንተኸታተልቲ ዓሰርተ ሽዱሽተ (16ተ)ናይ ስራሕ መዓልትታት እስካብ ሰዓት 4:00 ነዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ከእትዉ ኣለዎም።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

4. ጨረታ ዕለት 06/09/2018 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ንጉሆ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ድሌት ዘለዎም ተጫረቲ ወይም ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኸፈት ፡ ናይ ጨረታ ዶክመንት እንተተማሊኡ ተጫረቲ ኣብ መኽፈቲ እንተዘይተረኺቦም እውን እቲ ጨረታ ዝኸፈት ይኸዉን።

5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብሲፒኦ (CPO) ብር 85,000.00( ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ብር)ምስ ኦርጅናል ቴክኒካል ጨረታ ዶክመንት ኣተሓሒዞም ከእትዉ ይግባእ።

6. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይክእሉን። ኣብ ሕድሕድ ገፅ ናይ ጨረታ ዶክመንት ናይ ተጫራታይ ማህተምን ፊርማን ክዓርፎ ኣለዎ።

7. ኣብ ጨረታ ሳንዱቕ ዝኣተወ ፖስታ ብምለሱለይ ብምንም መልክዑ ክምለስ ኣይከኣልን።

8. ተጫረቲ ኣብ ዋጋ መቕረቢ ሰነድ ዘቕረብዎ ዋጋ ኩነታት ቫት ብግልፂ ዝሓወሰ ወይ ዘይሓወሰ ምኳኑ ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

9. ተጫረቲ እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ (Price Validity) ብግልፂ ከቕምጡ ይግባእ።

10.ተጫረቲ ኣብ ቕድመ ኩነታት ዝተመስረተ ዋጋ እንተመሊኦም ዘቕረብዎ ዋጋ ተቐባልነት የብሉን፤ ናይ ተጫረቲ ድምርን ካልኦት ጌጋታት እንተሃልዩ ተጫራታይ ባዕሉ ሓላፍነት ይወስድ። ትካልና ናይ ተጫረታይ ስልሒት ጌጋታት ናይ ምእራም ሓላፍነት የብሉን።

11.ተጫረቲ ዘእትውዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝን ናይ ስልሒትን ድምርን ጌጋ እንተሃልዩ ናብ ውድድር ኣይቐርቡን።

12. ሰዓሪ ተጫራታይ ምስዓሩ ምስተነገሮ ኣብ ዉሽጢ 3ተ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ይግባእ፣ እንተዘይኮይኑ ግና ንመኽበሪ ጨረታ ዘትሐዝዎ ሲፒኦ(CPO) ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወስድ።

13. ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ናይ ዉዕሊ መኽበሪ (unconditional Performance Guarantee) ንክልተ ወርሒ ዝፀንሕ ናይ ጠቕላላ ዋጋ 10% ብCPO ከትሕዙ ይግባእ። ሰዓራይ ተጫረታይ እቲ ዝሰዓሮ ንብረት ካብ 15-20 ኣብ ዘሎ መዓልትታት ውሽጢ ከቕርብ ዝኽእል ክኸውን ይግባእ። እንተዘይኾይኑ ግና ንውዕሊ መኽበሪ Performance Guarantee ዘትሓዝዎ 10% ናብ ትካል ኣታዊ ኾይኑ ትካል ኻሊእ መማረፂ ይወስድ።

14. መረከቢ ቦታ መቐለ መስፍን ብረታ ብረትና ኢንጂነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ኩባንያ ዋና

ቢሮ እዩ።

15. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ፦

ናብ ዋና ቢሮና ብኣካል ብምምፃእ ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ ወይ ድማ ብስ.ቁ 0914708567/0914745542 ክድዉሉ ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle